# ብስራት!

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ኣሕዋትን ኣሓትን ብሄረ ጀበርቲ ኤርትራ፥
ብመሰረት ውሳኔ ዕለት 25-27 መጋቢት 2016 ኣብ ሆላንድ ዝተገብረ ጉባኤ ማሕበራት ኤርትራውያን ብሄረ ጀበርቲ ኤውሮጳ ምርኩስ ብምግባር፥ ዝመጽእ ዘሎ ዓመት 2017 መዓልቲ ጀበርቲ ኣብ ሆላንድ ክግበር ተወሲኑ ስለዘሎ፥ ኩሎ ክሳተፍ ዝደሊ ብማሕበራት ደረጃ ኮነ ብውልቀ ሰባት ማዕጾና ክፉት ምዃኑ እናሓበርና ተሳተፍቲ ናይዚ መዓልቲዚ ክትኮኑ ከንበስር ደስ ይብለና።

ብተወሳኺ ድማ ኣብቲ ዝግበረሉ መዓልታት ብጉዳይ ማሕበራውን ሕብረተ ሰብኣውን ስድራቤታውን ምዕባሌታትን ሽጋግራትን ኣፈታትሐኦምን ኮነ ካልእ ንህዝብና ጠቃሚ እዩ ዝበሃል ኣስተምሮ ክህቡ ዝኽእሉ ዝደልዩን ሞያውያን ደቂ ኣንስትዮ ኮና ደቂ ተባዕትዮ ኣሕዋትን ኣሓትን ንሕብረተ ሰብና ኣብ ስደት ከወፍይሉ ዝኽእሉ ዓቢ ባይታ ስለዝኾነ ንመደባቶም ግምትን ባይታን ብምሀብ፥ ዓበይቲ መደባት ስለዘለና፥ በዚ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘሎ ኢመይል ናይ መሪሕነት ማሕበር ኣቢልኩም ክትራኸቡና ብትሕትና ንዕድምን ንጽውዕን ኣለና።

ንተወሳኺ ዝርዝራትን ካልእ ሐበሬታን ኣብ ሰዒቡ ዝመጽእ መግለጺና ክንሕብር ኢና።

ምስ ብዙሕ ሰላምታ።

መሪሕነት ማሕበራት ኤርትራውያን ብሄረ ጀበርቲ ኤውሮጳ።

መራኸቢ ኣድራሻና በዚ ዝስዕብ ኢመይል ክትጽሕፉልና ትኽእሉ ኢኹም።

jebertihadenet@outlook.com